


ስርዓት ምስኣንን ረብሻን ናይ ኣቑሑ ምጉዕዓዝ ዝዓበዩ ፀገማት እዮም። ዘጨንቕ ኩነታት እውን ተቐፃፂሮም ናይ ከይዲ ጥቕሚ የተሓሕዙ።

## Fachkraft für Lagerlogistik

<u>ናይ ስራሕ ገፅታ:</u>

ናይ ኣቑሑ ምጉዕዓዝ ፍሉያት በዓልሞያታት ኣብ ኣቑሑ ምጉዕዓዝ "ጠንካራታት" እዮም። ትእዛዝ ብዓብዩ መንገደ እዮም ዝቆፃፀሩ: ኣቑሑ ምቕባል፣ ምቁፅፃር፣ ምኽዛን፣ ናይ ዝጎዓዓዙ ኣቑሑ ምእካብን፣ ምጉዕዓዝን ንካብ ፋርማሱተካላት ጀመርካ ክሳብ ናይ መኻይን መቀያየሪታት። ሓደ ሓደ ግዘ ኣብ ዓብዪ መኻዝናት ነገራት ይቆፃፀሩ። ናይ እተ ኩሉ ኣቕርቦት ሰንሰለት ኣብኦም ዝተመርኮሰ እዩ።

ኣብ እተን ናይ ስልጠና ሰለስተ ዓመታት፣ ሰልጠንቲ ኣቑሑት ኣብ PC ምምዝጋብ፣ናይ ምጉዕዓዝ ሰነዳት ምፍጣርን፣ ናይ ኣቑሑ ወርድን ስፍሓትን፣ ክብደን፣ ፅፈትን ና ኣቑሑ ብናይ ኣታወ ዓይኒ ክረኡ ክመሃሩ እዮም። ደምብታት ይማልኡ ምህላዎም እውን የረጋግፁ፣ንኣብነት ናይ ሓደገኛታት ኣቑሑት ኣቀማምጣ መምርሒ። ናይ እዚ ስልጠና ዕላማ ተሳኺዑ ዝበሃል እተ መኻዝን ልውድእዎ እንተኽኢሉሞም እዩ። እዚ ማለት ኣቑሑ ተቐበልካ ብእቶም ሰነዳት መሰረት ምፍታን፣ ምፍታሕ፣ ምድርጃውን፣ ብናይ እተ መኻዝን ሕጊ መሰረት ኣብ ቦትኦም ምቕማጥን ዘጠቓለለ እዩ። ብተመሳሳሊ፣ናይ ፅዕነት ዝርዝርን ትልሚን ክፍጠር ክኽእል ኣለዎናይ ስራሕን ፈንድነን እውን ትልመ ወፀእዎ ክደራጀው ኣለዎ። ናይ እቶም ቴክነካዊ ኣቑሑን መሸናትን ቁፅፅር ኣድላዪ እዩ። ስለዚ፣እቲ ሽፈር መንጃ ፍቓዱ ምርካቡ ናይ እተ ስልጠና ኣካል እዩ።

ብዙሓት ናይ ስልጠና ዕድላት ኣለዉ፣ከም ተወሳኺቲ ረቋሒታት። ስለዚ፣ንኣብነትናይ ቡድን መራሐነት ወይ ናይ መኻዘን ዳይሬክተር ምኻን ስራሕቲ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

<u>ረቋሒታት:</u>

ኣብ ናይ መኻዘን ኣቑሑ ምጉዕዓዝ ፍሉይ ሞያ ክትስልጥኑ ክትምዝገቡ እንተደሊኹም፣ተንኣሲ ማእኸላይን ወይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ብፅቡቕ ማርኪ ወዲእኹም ክትኮኑ ኣለኩም።

**እዚ ድርጅት ናይ ባዕሎም ሓሳብ ዘለዎም፣ ብጉጅለ ክሰርሑን፣ ፀገማት ብጥንካረ ከውድቑ ዝኽእሉን ተወዳደርቲ እውን እዩ ዝደሊ። ናይ ጀርመንኛ ቋንቋ ብኣግባቡ ዝለመዱን ምስ መሳርሕቶምን ግሊጋሎት ወሃብቶምን ዝረዳድእ ክኾኑ ኣለዎም። ናይ ኮምፒዩተር ክእለትን ናይ ምድርጃውን ክእለት ዘለዎም እውን ክቕበል ይደሊ እዩ።**

<u>መሃያታት:</u>

እቶም ሰልጠንቲ ብናይ ዝሰልጠኑሉ በዝሒ ዓመት መሰረት ዓብዪ ካሕሳ ይወሃቡ። ኣብ ናይ እቲ ስልጠና ናይ መጀመርያ ዓመት፣ ንናይ መኻዝን ኣቑሑ ምጉዕዓዝ ፍሉያት በዓል ሞያታት ዝኽፈል €570-720 እዩ። እዚ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ይፈላለ እዩ ናይ ስምምዕነት ውዕለ እውን እንተሃልዩ።

**ናይ እቲ ስራሕ መግለፂን ናይ ድሌታት ንጥፈታትን ፅቡቓት ዶ ይመስሉ? ማመልከቻታት ኣብ ሃምቡርግ ሜትሮፖሊታን ክልል ኣብ ዘለዉ 500 ናይ ዓበይቲ መካይን ድርጅታት ምእታው ይከኣል! ብዛዕባ እቲ ስልጠና ዝበለፀ ሓበሬታ ኣብ [www.logistik-lernen.hamburg.](www.logistik-lernen.hamburg)**

Sprache: Tigrinya